ዕድመ

ብዛዕባ ኣብ ቋንቋ ኖርዌይጂያን ስልጠናን ኣብ’ቲ መላለዪ ፕሮግራምን ምስታፍ እንታይ ከም እትሓስቡ ኣፍልጡና!

ሰላም፡

ኣብ ናይ ቋንቋ ኖርዌይጂያን ስልጠናን ናይ መላለዪ ፕሮግራም ኣብ ኖርዌይን ዝሳተፍ ኩሉ ሰብ ኣብ ሃገራዊ ናይ ተጠቃማይ ዳህሳስ ንኽሳተፍ ተዓዲሙ ኣሎ።

ነዚ ስልጠና’ዚ ብኸመይ ከም ዝተዳነፍኩምዎ ብዝምልከት ዝተወሰኑ ሕቶታት መልሲ ንምሃብ ነዚ ዕድል ከም እትወስዱዎ ተስፋ ንገብር። እቲ ዳህሳስ ንስኻትኩም ክትመርጹዎ እትኽእሉዎ ቅዉም ናይ መልሲ መማረጺ የካትት።

እቲ ዳህሳስ ብ ዳይሬክቶሬት ምትሕንፋጽን ብዙሕነትን ኖርዌይ (Norwegian Directorate of Integration and Diversity፣ IMDi) ከምኡ’ውን ብ ዳይሬክቶሬት ላዕለዋይ ትምህርቲን ክእለትን (Norwegian Directorate for Higher Education and Skills) እዩ ዝግበር።

ንሕናን ቤት ምምሕዳርኩም ንዓኻትኩምን ንካልኦት ተሳተፍቲ ናይ መላለዪ ፕሮግራም ዝሓሹ ኣገልግሎታት ንክንህበኩም ክንኽእል ምእንቲ፡ ብዛዕባ ተዳንፎኹም ሓበሬታ ክንረክብ ንደሊ።

እንታይ ከመሓይሽ ከም ዘለዎ ትኽክለኛ ሓበሬታ ንኽንረክብ ምእንቲ፣ መልሲ ክትህቡ ከለኹም ግልጺን ሓቀኛን ምኳንኩም ኣገዳሲ እዩ። ንኣብነት፡ ኣብ’ቲ እትሳተፉሉ ስልጠና ዕጉብ ምኳንኩም ወይ ዘይምኳንኩም፣ ኣብ’ቲ ፕሮግራም ብምስታፍኩም ሕጉሳት ምኳንኩም ወይ ዘይምኳንኩም ከምኡ’ውን ኣብ’ቲ ፕሮግራም ዝኾነ ኣሉታዊ ነገር ዘሎ ምኳኑ ወይ ዘይምኳኑ ክትሕተቱ ኢኹም።

እቲ ተሳትፎ ዊንታዊ እዩ ነቲ ናይ ተጠቃማይ ዳህሳስ ንምዝዛም ኣስታት 30 ደቓይቕ ይወስድ። እቲ ናይ ተጠቃማይ ዳህሳስ ሽም ኣልቦ እዩ። ከም ውልቀ ሰብ ብእትህቡዎም መልሲታት መሊሶም ናባኻትኩም ዝመርሑ ክኾኑ ኣይኽእሉን ከምኡ’ውን እቲ ቤት ምምሕዳር ዝሃብኩምዎ መልሲ ክሪኦ ኣይኽእልን።

ቤት ምምሕዳርኩም ኣብ’ቲ ናይ ተጠቃማይ ዳህሳስ ንኽትሳተፉ ምእንቲ ከገብረኩም እዩ።

ናይ’ቲ ዳህሳስ ቋንቋ ምምራጽ ትኽእሉ። ኣብ’ቲ ገጽ ታሕቲ ዘሎ ናይ ቋንቋ ምልክታት ተጠቐሙ። ኩሎም ሕቶታትን ናይ መልሲ መማረጺታትን ብክልቲኡ ጽሑፍን ድምጺን ይርከቡ። ነቶም ሕቶታትን ናይ መልሲ መማረጺታትን ንምስማዕ እትደልዩ እንተኾይንኩም ነቲ ናይ ድምጺ ምልክት ተጠቐሙ።

ኣብ’ዚ ናይ ተጠቃማይ ዳህሳስ ስለ ዝተሳተፍኩም የቐንየልና!

ምስ ሰላምታ፥

Norwegian Directorate of Integration and Diversity and the Norwegian Directorate for Higher Education and Skills